# ጽንብል መበል 48 በዓል ባሕቲ መስከረም
# ኣብ ከተማ ከለን
# ብክብ ዝበለ ኣገባባን ድምቀትን ተባዒሉ

ብዕለት 12.09.09 መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝካር ኣብ ከተማ ከለን ብህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ጉጅለ ከለን፡ ዝተዳለወ መደብ፡ ምዉቕን ሃገራዊ ሓድነት ዝመልኦን ዕዉት በዓል ተኻይዱ።

መደብ በዓል፡ ብሕጻናት ዝተመርሐ ብመዝሙር ኤርትራ ዝተሰነየ ዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ዋና ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ከለን ንኣኽበርቲ ጽንብል ባሕቲ መስከረም ፡ ሚዛን ሓደ መስከረም ክሳብ ክንደይ ረዚን ሃገራዊ መልእኽቲን ምስጢርን ዝሓዘለት ክብርቲ ዕለት ምዃና ብድሕሪ ምግላጽ ፤ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ኣቕረበ ። ሰዒቡ ብሃገራዊት ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ን/ጨ/ከለንን ፤ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ናይ ሓደ መስከረም መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ ፤ ተሳተፍቲ በዓል ኣብ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ምውሳእ ጀመሩ ።

ኣብታ ሓድነትናን ቃል ኪዳንናን እነደልድለላን፡ ክብርትን ሓያልን መዓልቲ ንምኽባር ዕድመ ኣኽቢሮም ካብ ምሉእ ከባቢታት ቡፐርታል፤ ሙንሸን ግላድባኽ፤ ድዝልዶርፍ፤ ዶርትሞንድ፤ ኦበርሃውሰን፤ ረክሊንግ ሃውሰንን ዝመጹ ሃገራዊያንን በቲ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ቡፐርታልን ከባቢኣን ዘቕረብኦ ባህላዊ ኣቀራርባን ፤ ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ሂብዎ ።

ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ከለን፤ ሃ.ማ.ዴ.ኤ. ን/ጨ/ከለን፤ ማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኣን ናይ ሕጻናትን ወለድን ማሕበራትን ብጥርናፈ ብተወፋይነትን ተገዳስነትን ብምውሳእን፡ ንድምቀትን ዓወትን እቲ ብዓል ዓቢ ተራዮም ተጻዊቶም። በቲ ውሩይን ወናምን ድምጻዊ ኣማኒኤል ገ/ሄር (ኖርወይ) ዝተሰነየ ድሙቕ ሰውራዊ ተዘክሮ ዝሓዘለ ዜማታትን ባህላዊን ዘመናዊን ሙዚቃ ብምዝንጋዕ መደብ ጽንብል ባሕቲ መስከረም ፡ ብዕዉትን ምውቕን መንፈስ ተዛዚሙ።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ምጎስን ንሰውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ

****************************

ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ጉጅለ ከለን